ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ
ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት

المجلس الوطني الإرتري للتغيير الديمقراطي
المكتب التنفيذي

Eritrean National Council for Democratic Change
Executive Office

# ኤርትራ ሓንቲ ካብ'ተን ብሉጻት ተቃልስቲ
# ጅግና ፈዳኢን ሳዕድያ ተስፉ ኣፋንያ !!

ህዝቢ ኤርትራ ዓባይ ኣብነታዊት ጅግና ታቓላሲት ሳዕድያ ተስፉ ንሱር ኣፋንዩ። ሓርበኛ ሳዕድያ ተስፉ ብረቡዕ ዕለት 27/07/2022 ብሕማም ምኽንያት ኣብ ምስሪ ከተማ ካይሮ ብሞት ተፈሊያትና።

ሳዕድያ ኣብ ዕሸል ዕድሜኣ ኣብ ምስጢራዊ ኣሃዱ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ተሰሪዓ ሃገራዊ ግቡኣ ዝፈጸመት ሓርበኛ ኢያ። ኣብ ብዙሕ ጅግንነታዊ ስርሒታት ዝተኻፈለት ኮይና፣



ኣብ ከተማ ከረን ዓሊ በኺት ዝተባህለ መጋበርያ ጳላኢ ኣብ ምቕንጻል ዓቢ ተራ ከም ዝነበራ መዛግብ ሰውራና ካብ ዝሰነዶም ቅያታት ኤርትራዊት ጓል ኣንስተይቲ ሓደ ኣብነት ኢዩ።
ድሕሪ ስርሒት ከረን ናብ ጅግና ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ኣብ ሜዳ ብምስላፍ ኣብ ዝተፈላለየ ዓውድታት ቃልሲ ዝነኣድ ተራ ኣበርከተት። ኣብ 1969 ናብ ዒራቕ ተላኢካ ናይ ነርስ ትምህርቲ ቀሰመት። እቲ ኮርስ ምስ ዛዘመት ቀጥታ ናብ ሜዳ ብምምላስ ሃገራዊ ግቡኣ ብትብዓት ፈጸመተ።

ብኣጋጣሚ ዕርፍቲ ጅግና ሓርበኛ ሳዕድያ ተስፉ ንክቡራት ስድራ ቤታን ንኹሎም ኤርትራውያን ተቓለስትን፣ ብፍላይ ድማ ንጀጋኑ ተቓለስቲ ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ጽንዓትን ኣኻእሎን ይሃብ ብምባል፣ ብስም ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ነቲ ሓርበኛ ሳዕድያ ተስፉን ኩሎም ጀጋኑ ስዉኣትና ዝተቓለስሉ ዕላማታት ኣብ ግብሪ ንምውዓል፣ መላኺ ስርዓት ኣሊና ኣብታ እነፈትዋ ሃገርና ሓርነትን ፍትሕን ንምንጋስ ከይ ተሓለልና ቃልስና ክንቅጽሎ ምዃንና መብጻዓና ነሐድስ።

ዘልኣለማዊ ዕርፍቲ ንሓርበኛ ሳዕድያ ተስፉ !
ህዝቢ ኤርትራ ጽንዓት ይሃብካ !!
ዝኽርን ክብርን ንሰማእታትና !!

ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት
ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ
29/07/2022